  

# ዕዉት ሰሚናር ኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ኣብ ፈረንሰ-ኢጣልያ

ሰንበት ዕለት 16/11/2014 ኣብ ከተማ ፈረንሰ ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኣውራጃ ቶስካና ካብ ፒዛ: ፒስቶያ: ፕራቶ: ፈረንሰ ዝመጽኡ ብዙሓት ኤርትራውያን: ዝተኻፈልዎ ዕዉት ህዝባዊ ሰሚናር ተኻይዱ። እዚ መቐጸልታ ናይቲ ብህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ዝተወደበ: ብኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኢጣልያ ዘካይዶ ዘሎ ኣብ መንጎ ህዝብን ወከልቲ መንግስትን ዝያዳ ጥምረት ዝፈጥር ዘሎ ዕዉት ህዝባዊ ሰሚናር ኮይኑ:

1. ህሉውን ውድዓውን ኩነታት ሃገር ንህዝቢ ምግላጽ።
2. ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ዝካየዱ ስነ ኣእሙራዊ ኩናትን. ብጽኑዕ ህዝብናን መንግስትናን ንምፍሻሉ ዝካየዱ ዘለዉ ብድሆታትን ንምብራህ።
3. ንህዝቢ ኣብ ህዝባውን ቆንስላውን ጉዳያት ዝውሃቡ ኣገልግሎታት ብጽፈትን ኣሳልጦን ንምክያዶም ዝግበር ጻዕርታትን ዘጋጥም ጸገማትን ንምስማዕ።
4. ርእይቶታትን ሕቶታትን ህዝቢ ብኸፉት ልቢ ተቐቢልካ ኣዎንታዊ መልሲ ምሃብን ክእረሙ ዘለዎም ምእራም

ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ዓበይቲ ነጥብታት ብዝርዝር ኣስፊሑ ብምግላጽ: ክሳብ ሕጂ ኣብ ኩሉ መዳያት ማለት ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣብ ሕርሻ: ትሕቲ ቅርጺ: ትምህርቲ: ሕክምና ተዓሚሞም ዘለው ዓበይቲ ስርሓት ዝተዓወትናሎምን ጌና ኣብ መስርሕ ዘለዉን: ከምኡ ውን ኣብ ኤርትራ ዘለው ጸገማትን ዝርኣዩ ሕጽረታትን: ህዝቢ ዘዕዘምዝመሎም ኣብ ምሕደራ ዝጸንሑ ሃጓፋትን: ኣስፊሑ ብምግላጽ ንምዕራዮም ዝውሰድ ዘሎ ሓያል ተበግሶታት ብሰፊሕ ገሊጽዎ።

ሓድነትና’ዩ ቀንዲ ሓይልና እዩ ድሕሪ ምባል: ጸላእትና ብሓድነትና ስለ ዝርዕዱ ዝተፈላለዩ ውዲታትን ሓሶታትን እናኣለሙ: ኣብ ህዝብና ትሕተ ሃገራውነት ስምዒት ኣሕዲሮም ከዳኽሙና ስለ ዝሓልሙ: ክንነቕሓሎምን: ክንጸንዕን ዉዳቤና ብምሕያል ክንምክቶምን ይግባእ ኢሉ መኺሩ። ኣብ ጉዳይ እገዳ: እቲ ብሑቡራት ሃገራት ዝተመዘዘ ተቓጻጻሪ ሽማግለ ኤርትራ ንኣልሻባብ ትሕግዝያ ዝብል ዝኾነ መርትዖ ከም ዘይረኸበ ተኣሚኑ ከብቅዕ: ባይቶ ጸጥታ ኣብ ክንዲ እገዳ ዘልዕሎ: ነቲ ተቖጻጻሪ ሽማግለ ንዓመት ዕድሚኡ ከም ዝናዋሕ ምግባሩ: ንኤርትራ ንምድኻም ዝወሰዶ: ንሕቡእ ፖሎቲካዊ ዕላምኡ ዘቓልዕ ጥራይ ኢዩ ብምባል ኣብሪሁ ገሊጽዎ።ኣስዒቡ “ ዝዓበየ ጸጋ ናይ ኤርትራ ህዝባ’ዩ: ህዝቢ ዘይሳተፎ መደብ ክኣ ኣይዕወትን ኢዩ” ብምባል:። ኣብ ኤምባስን ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈታትና ንህዝቢ ዝግበር ኣገልግሎት: ህዝቢ ግቡእን ስሉጥን ኣገልግሎት ክረክብ: ንህዝቢ ብፍሕሹው ገጽ ክንቕበሎን ከነገልግሎን ሓላፍነትና ኢዩ። ኣብ ስራሕ ዝርኣዩ ጉድለታት እንተልዮም ብምርድዳእ ዘይፍታሕ ነገር የሎን: ብምባል ህዝቢ ዝዓግበሉ ምቕሉል መልስታት ኣቕሪቡ።

ኣብ መወዳእታ ነቲ ካብ ህዝቢ ዝቐረበሉ ሕቶታት ብኸፉት ልቢ ብዘዕግብ መሊሹ: ኣብ መደምደምታ ኣብ ዘስምዖ ቃል፥ ሓያላት ኮንና ኣብቲ እንደልዮ ሽቶ ክንበጽሕ ከምቲ ናይ ቀደምና ክብርታትና ብግቡእ ክሕለዉን ክንሰርሓሎምን ነዞም ዝስዕቡ ከነቖድም ይግባእ፥ ካብ ጸቢብ ስምዒታት ርሒቕና: ሃገር ቅድሚ ኩሉ ክትስራዕ ኣለዋ: ዕጥቅና ፥ ዕጥቂ ሓድነት: ተወፋይነት: ስራሕ: ትምህርቲ: ፍልጠት: ድልዉነት: ኒሕ: ተጻዋርነት: ክኸውን ኣለዎ ብምባል ሰሚናር ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ !!

ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኢጣልያ

ናይ መድያን ዲፕሎማስን ኮሚቴ ኢጣልያ